# ዕዙዝ ሰውራ መስከረም ኣብ መበል 59 ዓመቱ



*መሓመድ ኑር ያሕያ*

ሎሚ ቅነ፡ ሃገርና ነቲ ህዝብና ናይ ናጽነትን ሓርነትን መሰሉ ንምርግጋጽ ዘካየዶ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ፍረ ምስ ሰኣነሉ ዝኣወጆ ዕጥቃዊ ቃልሲ መበል 59 ዓመቱ የኽብር ኣሎ።
ህዝብና ኣብ መስርሕ ቃልሱ ዕላማኡ ንምዕዋት ብዙሕ መስዋእቲን ክቡር ዋጋን ከፊሉ እዩ። ከምኡውን ንሃገራዊ ሉኣላውነቱ ዒላማ ዝገበረ ብስርዓት ወያነን ኣብ ጐኑ ደው ዝበሉን ዝሓገዝዎን ሓይልታትን ዝተፈነወሉ መጥቃዕቲ ብምምካት መስዋእቱ ቀጺሉዎ።
ሎሚ ህዝብና ኣብ ኣብ ድርኹሩኹት ዝኽሪ 60 ዓመት ደው ኢሉ ነዚ በዓል'ዚ ኣብ ዘኽብረሉ ዘሎ እዋን፡ ነቲ ጸላእቲ ብዝፈጸምዎ ኩናት ዝተፈጸመ ዕንወት ዳግም ንምህናጽ ቅልጽሙ ገቲሩ ኣሎ። መትከል ሰናይ ጉርብትና ብምትግባር ከኣ ናይ ሰላምን ምትሕግጋዝን ኢዱ ዘርጊሑ ይርከብ። ነቲ ወራር ስርዓት ወያነ 1998-2000 ከምኡ ድማ ን18 ዓመታት 2000-2018 ዝቀጸለ ናይ ኣይሰላም ኣይኩናት ኩነታት ዝዓንቀጸ መድረኽ ህንጸትን ኣጠቓላሊ ልምዓትን ንምትግባር ተበጊሱ ኣሎ።

በዚ ኣጋጣሚ እምበኣር ስዉእ መራሒ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ኣብ መጀመርታ 1962 ናብ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ዘመሓላለፎ ጻውዒት ገለ ምጥቃስ ኣገዳሲ እዩ። “ንሕና ብረት ዝዓጠቕና ደቂ ኤርትራ ንምቅታል ኣይኮነን። የግዳስ ብክቡር ደምና ዕዙዝ ሂወት ንህዝቢ ኤርትራ ንኸነረጋግጽ ኢልና ኢና ሜዳ ዝወጻእና። ንሕና ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ሕጊ ግብረሸበራን ባርነትን ሕሰረትን ሓራ ንምግባር ዝወጻእና ክቡራት ተጋደልቲ ኢና። ብኽመይ ክንጅምር፡ ብምንታይ ኣጽዋር ክንዋጋእ ኣይትበሉ። ቀዳመይቲ ጥይት ብምትኳስ ቃልሲ ክንጅምር ከሎና ብዘይካ ውሑዳት ብረት ካልእ ንውንኖ ኣይነበረናን። እንተኾነ ቀዳማይ ዕጥቂና ጽኑዕ እምነትና ኣብ ኣምላኽን ሓርነትን ናጽነትን ንምርካብ ዘሎና ሕጋዊ መሰልን'ዩ ነይሩ። እንሆ ከኣ ካብ ዓወት ናብ ዓወት ንሰጋገር ኣሎና” ክብል ገሊጹ።

ኣሰዒቡ፡ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ህዝቢ ዝሰርሖ እዩ። ኩሉ ግዜ ከኣ ንረብሓ ህዝቢ እዩ። ኣብ ገጽ ምድሪ ንቕዱስ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ኣይፈልጥን'የ ዝብል ዝኾነ ይኹን ሓይሊ የለን። ዝኾነ ይኹን ሓይሊ ካብ ቅዱስ መሬት ኤርትራ ስድሪ'ውን ትኹን ክወስድ ኣይክእልን'ዩ ክብል ሓቢሩ።

ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ኸኣ፡ ምምራቕ መበል 33 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ቅድሚ ቅሩብ መዓልታት ኣብ መንጽር'ተን ቀዳማይ መኸተ ኣንጻር ጸላኢን ምእዋጅ ዕጥቃዊ ቃልሲን ዝተኻየደለን ኦማልን ኣዳልን እትርከብ ሳዋ ተኻይዱ። ኣዳል፡ ንኹሎም ሓይልታት ውዲትን ኣጽዋራቶምን ነቲ እስትራተጂያዊ ረብሓታትና ፍትሓዊ መሰል ርእሰ ውሳነ ህዝቢ ኤርትራ ክንረግጽ ይእዝዘና'ዩ እናበሉ ብትምክሕቲ ዘስምዕዎ መደረታትን ብምብዳህ ምእዋጅ ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣበሲራ።

መንእሰያትና ኣባላት መበል 33 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ከም ኩሎም ዝሓለፉ ዙርያታት ዝፈጸምዎ ሃገሮም ንምዕቃብ ብተወፋይነት ከም ዝሰርሑ ቃል-ማሕላ ፈጺሞም። እዚ ማሕላ'ዚ ድማ ናይ ኩሎም ሰማእታትናን ንኩሉ'ቲ ኣብ ውሽጢ ዘመናትን ዕቑዳትን ንምእንቲ ሃገር ዝፈሰሰ ንጹህ ደምን ሕድሪ ንምፍጻም ዘለዎም ድልውነትን ቁሩብነትን ዝሕብር እዩ።

እዚ ዕዳ ኤርትራዊ ዜጋ እዩ። ከምኡውን ሓላፍነት ናይ ኩሎም ኣብዛ ክብርቲ ሃገር ዝወራረሱ ወለዶታት እዩ። ከምቲ መራሒ ስዉእ እድሪስ ዓዋተን ብጾቱን ሓላፍነት ምእዋጅ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝተሰከሙን ኩሎም ኣባላት ሕብረተሰብ ኤርትራ'ውን ክሳብ ምሉእ ዓወት ዘረጋገጽ ነቲ ቃልሲ ብሰብን ንዋይን ዝሓየሉን ብጽንዓት ዝተቃለሱን፡ ድሕሪ ሓርነት'ውን ቀንዴል ባሕቲ መስከረም ኣብ መንፈስ መንእሰያትና ስለዝሰረጸት፡

ነቶም ንሃገራዊ ሉኣላውነትና ዒላማ ዝገበሩ ተጻባእቲ ሓይልታትን ኩሉ ዓይነት ውዲታቶምን ብትብዓት መኪቶም ኣፍሺሎሞ።
ሎሚ’ውን ኣጠቓላሊ ፕሮጀክት ሃገራዊ ልምዓትን ዳግመ ህንጻን ብልዑል ተወፋይነትን ትብዓትን ንምስልሳል ድልውነት መንእሰያትና ኣብ ቦታኡ ኣሎ።

ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና
የሃና ንባሕቲ መስከረም ምልክት ሓበንን ክብርን